# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፳

**ዝቐጸለ...**

“ስምዑስኪ ኣቦይ ቀሺ፣ ብዝሓለፈ ብዛዕባ ብዓልቲ ቤትኩም ኣልዒልና ኽነዋግዕ ኸለና፣ መውስቦ ናይ እንዳባ ጽኑዕ ምዃኑ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቃልኪዳን ጊዜ ዘሎ ማሕላውን ተዛሪብኩም ኔርኩም፥ እስኪ ብዛዕብኡ ካብ እትፈልጥዎ ነገራት ቑሩብ ንገሩኒ።”

“መውስቦ ትግራይን ዓዲ ኣምሓራን ሓደ ኣይኮነን፣ ኣብ ኣምሓራ ‘የሰማንያ ሚስት፣ የሰማንያ ባል’ ደኣ ይብሉ እምበር ከም ናትና ሕጊ እንዳባ ቓል-ኪዳን የብሉን። ናብ ኣጋ እርጋን ምስ ቀረቡ ድማ ብተኽሊል ቤተኽስያን ቃል-ኪዳን ዚኣትዉን ዚቖርቡን ሓድ-ሓደ ሰባት ኣለው። ኣባና ግን ሰብኣይን ሰበይትን ኻብ ንእስነቶም ጀሚሮም ቤተኽስያን ኸዱ ኣይከዱ፣ እታ ማሕላ ሕጊ እንዳባ እተለምደት እያ።”

“ ዋእ ኣብ ጽዓዱ ደኣ’ሞ ብንእስነት ቃል-ኪዳን ምትእትታው እኮ የለን፣ ከም ኣምሓራ እንድዩም። ብንእስነት ሓዳር ምጅማር ጸወታ ቖልዑ ኸይኸውን፣ ሰብኣይን ሰበይትን ብዕድሜ ብስል ምስ በሉ ምትእትታው ደኾን ካብ ፍትሕ የድሕን ይኸውን?”

“እዙይስ ኣይመስለንን፤ ኣብ ዓዲ ጸዓዱ ከም እንሰምዖ እንተኾይኑ፣ ብዙሕ ፍትሕ ኣለዎም።ሓዳር ተጋሩ ጽኑዕ ብምዃኑ ኣብ ዓዲ-ኣምሓራ ዚንገር ሓደ ዛንታ ኣሎ፦

“ኣልነገርኩኸም ወይ ባጥር ተንጠልጥየ ትግሬ ውሽማ እንጂ ባል ኣይሆንም ብየ!”

“እዙይ ዝተባህለሉ ምኽንያት፣ ትግራዋይ ብስራሕ ይኹን ብስደት ንዓዲ-ኣምሓራ መጺኡ ኣምሓረይቲ ውሽማ ሒዙ ንነዊሕ ጊዜ፣ ዓመት፣ ኽልተ ዓመት፣ ካብኡውን ንላዕሊ ይቕመጥ። ግን ስርሑ ምስ ወድኤ፣ ንውሽምኡ ጠንጢኑ፣ ዓዱ እዩ ዚምለስ። ነዙይ እዩ ኣንስቲ ኣምሓራ፤ ‘ትግሬ ውሽማ እንጂ ባል ኣይሆንም” ዚብላ። እዙይ ድማ ዋና ምኽንያቱ እታ ብንእስነቱ ዝመሓላ ጽንዕቲ ቃል-ኪዳን ስለ ዝኣሰረቶ እዩ። ንዓዱ ተመሊሱ ድማ ናብ ሓዳሩ፣ ናብ ገዝኡ፣ ናብታ ብዓልቲ ቓል ኪዳኑ እዩ ዚኣቱ።

“ኣንቱም ኣቦይ ቀሺ፣ እሞ ኣምሓራ ከም ጽዓዱ ኾይኖም ማለት ድዩ? ኣረ ንምዃኑ ሓበሻ ንምንታይ ኢና ብስልጣኔ ብድሕሪ ጸዓዱ

ተሪፍና? ካብ ጽዓዱ ምናልባትዶ ፍሉይ ዝኾነ፣ ድኹም ፍጥረት ሃሊኡና እዩ፣ ወይስ እንታይ እዩ ምኽንያቱ?"

"እንታይ ፍሉይ ፍጥረት ድኣ ኺህሉ ኢልካዮ ኢኻ? ወደይ፣ ኩሉ ሰብ ሓደ እዩ።"

"ኣብ መጽሓፍ እነንብቦ ጸሊም ዓሌት፣ ደቂ ኻም፣ ብኖህ ተረጊሞም እዮም ዚብል ዛንታ ኣሎ። ስለ እተረገምና ድዩ? ብዛዕባ እዙይከ ደኣ እንታይ ትብሉ?"

"እወ፣ ዛንታ እዩ። ብመጽሓፍ ቅዱስ ወዲ-ወዱ ንኻም ሓደ ኸንኣን እተብሃለ ጥራይ ድኣ እዩ እምበር ኩሎም ደቂ ኻም እኮ ኣይኮኑን እተረግሙ፣ ስለዚ ጸሊም ዘርኢ ኩሉ ውሉድ ኻም ርጉም ኣይኮነን። ምስሪን ኩሽን እተብሃሉ ደቂ ካም ድማ ኣይተረግሙን። ሎሚ ምስሪ ማለት ግብጺ እዩም፣ ኩሽ ድማ ኑብያን ሓበሻን እዮም። እንደገና ደኣ ኣንብቦ፣ ዘርኢ ኻም ኩሉ ከምዘይተረግመ ክትረኽቦ ኢኻ።

"በዙይ እተተሓሓዘ ሓደ ግሩም ዝኾነ ዛንታ ግዳን ኣዘኻኺርካኒ'ሞ ኽነግረካ፦

ይቕጽል...